**Seattle** Department of Education & Early Learning

CCAP CHILD CARE ASSISTANCE PROGRAM

# ናይ መመልከቲ ቅጥዒ

## ናይ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (Child Care Assistance Program) ምልክታ ናብ መደብ ቅድመ-ቤት ትምህርቲ ሲያትል/ፓዝወይ (SPP/Pathway) ተመዝጊበቲ ስድራ ቤታት

ንግልጋሎታት ትርጉም ወይ ዝተተርጎመ ሰነዳት ንምርካብ፣ ብኽብረትካ ኣብ፡ 206-386-1050 ወይ CCAP@seattle.gov ርኸበና

**1ይ** ስጉምቲ፡ ነዚ ናይ መመልከቲ ቅጥዒ ምላእ → **2ይ** ስጉምቲ፡ ሰነዳት ምእካብ → **3ይ** ስጉምቲ፡ ናብ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (Child Care Assistance Program) ኣታዊ ምግባር → **4ይ** ስጉምቲ፡ ናይ ብቑዕነት መረጋገጺ ተቐበል

### 1ይ ስጉምቲ፡ ነዚ ናይ መመልከቲ ቅጥዒ ምላእ

**እዚ ቅጥዒ እዚ በቶም ንመደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ዘመልከቱን ንደቆም ድማ ኣብ መደብ ቅደመ-ቤት ትምህርቲ ሲያትል (SPP) ወይ ኣብ ፓዝወይ ቅደመ-ቤት ትምህርቲ ሲያትል ንምምዝጋብ ኣብ ከይዲ ዝርከቡን ዝተመልአ ናይ ምዝገባ ፓኬት ኣታዊ ዝገበሩ ወለዲ/ሓብሐብቲ ክምላእ ዘለዎ እዩ። እቶም ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ምዝገባ መደብ ቅድመ-ቤት ትምህርቲ ሲያትል/ፓዝወይ (SPP/Pathway) ዘካየዱ ስድራ ቤታት እውን ነዚ ቅጥዒ እዚ ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም።**

መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (The Child Care Assistance Program) (CCAP) ዘሎ ኩነታት ዜግነት፣ ዓሌታዊ መበቆል፣ ጾታ፣ ብሄር ወይ ምዕባላዊ ጠለባት ብዘየገድስ፣ ንኹሎም ብቑዓት ዝኾኑ ቆልዑ ክፉት እዩ። ሲያትል ንኹሉ ትቕበል ከተማ እያ ምኽንያት እዚ ድማ ብሓቛፍነትን ማዕረነትን ኢና ንኣምን። ሰራሕተኛታት እዛ ከተማ ብዛዕባ ኩነታት ዜግነት ከይሓተቱን ኩነታት ስደተኛነቶም ብዘየገድስ ንኹሉ ነባሪ የገልግሉ። ስደተኛታትን ተፈናቐልቲን ንኹሎም ብኽብሪ ኢና ንቕበሎም። መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) መደብ ናይ ክፍሊ ትምህርቲን ኣብ ንእስነት ዝወሃብ ትምህርቲን (Department of Education and Early Learning) (DEEL) ከተማ ሲያትል እዩ። ንውላድካ ብሉጽ ብዝኾነ መገዲ ንምግልጋል፣ ብኽብረትካ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልስ።

| **ሓበሬታ ናይ ቀዳማይ ወላዲ/ሓብሓቢ** | | |
|---|---|---|
| ቀዳማይ ስም፡ | ማእኸላይ ስም፡ | ናይ መወዳእታ ስም፡ |

| **ኩነታት ስራሕ** | **ትምህርቲ/ስልጠና** |
|---|---|
| ☐ እወ- ኣስራሓይ፡ ______________ | ☐ እወ- *ነዚ ናይ ተምሃራይ መጠይቕ ምላእ* |
| ☐ ኣይፋል | ☐ ኣይፋል |
| ስም ናይ ስራሕ፡ __________ ዕለት ምጅማር፡ ________ | መደብ፡ ______________ ቁጽሪ ክሬዲታት፡ ______ |

| **ናይ ስራሕ ን/ወይ መደብ ቤት ትምህርቲ** *ካብ (ግዜ) ናብ (ግዜ)* | | | |
|---|---|---|---|
| *ሰኑይ* | | *ቀዳም* | |
| *ሰሉስ* | | *ሰንበት* | |
| *ሮቡዕ* | | *መዘኻኸሪታት፡* | |
| *ሓሙስ* | | | |
| *ዓርቢ* | | | |

| **ሓበሬታ ካልኣይ ወላዲ/ሓብሓቢ**(ኣብ ሓደ ገዛ ትነብሩን ብደም ወይ መውስቦ ትዛመዱ እንተኾይንኩም) | | |
|---|---|---|
| ቀዳማይ ስም፡ | ማእኸላይ ስም፡ | ናይ መወዳእታ ስም፡ |

| **ኩነታት ስራሕ** | **ትምህርቲ/ስልጠና** |
|---|---|
| ☐ እወ- ኣስራሓይ፡ ______________ | ☐ እወ- *ነዚ ናይ ተምሃራይ መጠይቕ ምላእ* |
| ☐ ኣይፋል | ☐ ኣይፋል |
| ስም ናይ ስራሕ፡ __________ ዕለት ምጅማር፡ ________ | መደብ፡ ______________ ቁጽሪ ክሬዲታት፡ ______ |

| **ናይ ስራሕ ን/ወይ መደብ ቤት ትምህርቲ** *ካብ (ግዜ) ናብ (ግዜ)* | | | |
|---|---|---|---|
| *ሰኑይ* | | *ቀዳም* | |
| *ሰሉስ* | | *ሰንበት* | |
| *ሮቡዕ* | | *መዘኻኸሪታት፡* | |
| *ሓሙስ* | | | |
| *ዓርቢ* | | | |

**ብዛዕባ ናይ ከተማ ሲያትል መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (Child Care Assistance Program) ብኸመይ ፈሊጥካ?**

☐ ናይ ክንክን ቆልዓ ምንጪታት ☐ ክፍሊ ቆልዑት፣ መንእሰያትን ስድራቤትን (DCYF)/ናይ ስራሕ ርክባት ☐ ፍላየር ☐ ወብ ሳይት ☐ ኣቕራቢ
☐ ካሊእ: ______________________________

**መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ክንደይ ዝኸውን ደገፍ ከም እትረክብ ንምውሳን ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ ክጥቀም እዩ።** እቲ ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ ኣብ ናይ ስድራ ቤት መጠን፣ ናይ ስድራ ቤት ኣታዊ ምስ ዕድመ ቆልዓ ብምትሓሓዝ ዝዉሰን እዩ።

**ኩሎም ኣብ'ቲ ገዛ ዝነብሩ ትሕቲ 18 ዝኾኑ ቆልዑ ክትዝርዝር ኣለካ።** ነቶም ኣብ 1ይ ክፋል ዝርከቡ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ ዘድልዮም ቆልዑን ኣብ 2ይ ክፋል ዝርከቡ ሓገዝ ክንክን ዘየድልዮም ቆልዑን ዘርዝር። ንኹሎም ኣብ 1ይ ክፋል ዝርከቡ ሓበሬታታት ብምምላእ ካብ'ዚ ብተወሳኺ ነቲ <u>ኣብ *መደብ ቅድመ-ቤት-ትምህርቲ ሲያትል (SPP) ዝምዝገብ ቆልዓ እውን ኣብ'ዚ ዝርዝር እእትዎ።ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝተመዝገበ ወዲ 18 ዓመት ቈልዓ ጥራይ ወስኽ።*</u>

## ሓበሬታ ቆልዓ

**1ይ ክፋል፥ ነቶም ኣብ ገዛ ዝርከቡ ደገፍ ክንክን ቆልዓ ዘድልዮም ቆልዑ ዝምልከት ኩሉ ሓበሬታ ምላእ**

| ስም | ዕለት ልደት፡ | ጾታ | ዓሌት/ብሄር | ኣቕራቢ<br>*ዝርከበሉ ቦታ ወይ ቁጽሪ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ASA ወሲኽካ ኣቕርብ* | እቲ ቆልዓ ዝተመዝገበ ድዩ? | ዕለት ምጅማር |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1. | | | | | ☐ እወ ☐ ኣይፋል | |
| 2. | | | | | ☐ እወ ☐ ኣይፋል | |
| 3. | | | | | ☐ እወ ☐ ኣይፋል | |
| 4. | | | | | ☐ እወ ☐ ኣይፋል | |
| 5. | | | | | ☐ እወ ☐ ኣይፋል | |

**2ይ ክፋል፥ ኩሎም ኣብ'ቲ ገዛ ዝርከቡ ዕድመኦም ትሕቲ 18 ወይ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝተመዝገበ ዝኾኑ ደገፍ ክንክን ቆልዓ ዘየድልዮም ዘርዝር**

| ስም | ዕለት ልደት፡ | ስም | ዕለት ልደት፡ |
|---|---|---|---|
| 1. | | 4. | |
| 2. | | 5. | |
| 3. | | 6. | |

**☐ብኽብረትካ እንተደኣ ውላድካ ኣብ'ዚ ዓመት ወይ ኣብ ቀጻሊ ናብ ቤት ትምህርቲ (K-6ይ ክፍሊ) ዝኣቱ ኮይኑን ቅድም ን/ወይ ድሕሪን ቤት ትምህርቲ ክንክን ወይ ናይ ክረምቲ ክንክን ዝደሊ እንተኾይኑ ነዚ ቅጥዒ እዚ ምላእ። ዓመታዊ ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲታት (5 መዓልቲታት ወይ ልዕሊኡ) ሽዑ ንሽዑ/ሓቢሮም እዮም ዝሽፈኑ።**

## ነቶም ዕድመኦም ንትምህርቲ ዝበጽሑ ቆልዑ ዝኸውን ናይ መደብ መውጽኢ ቻርት

ብኽብረትካ ናብ ሕድሕድ ዓምዲ ስም እቶም ዕድመኦም ንትምህርቲ ዝኣኸለ ቆልዑ ብምጽሓፍ ደረጃ እቲ ዘድልዮም ክንክን ኣመልክት።

| *ስም ቆልዓ*→ | | | | |
|---|---|---|---|---|
| **ዓመተ-ትምህርቲ ሓፈሻዊ** | ☐ ቅድሚ ትምህርቲ<br>ካብ ሰዓት፡<br>ክሳብ ሰዓት፡<br>☐ ድሕሪ ትምህርቲ<br>ካብ ሰዓት፡<br>ክሳብ ሰዓት፡ | ☐ ቅድሚ ትምህርቲ<br>ካብ ሰዓት፡<br>ክሳብ ሰዓት፡<br>☐ ድሕሪ ትምህርቲ<br>ካብ ሰዓት፡<br>ክሳብ ሰዓት፡ | ☐ ቅድሚ ትምህርቲ<br>ካብ ሰዓት፡<br>ክሳብ ሰዓት፡<br>☐ ድሕሪ ትምህርቲ<br>ካብ ሰዓት፡<br>ክሳብ ሰዓት፡ | ☐ ቅድሚ ትምህርቲ<br>ካብ ሰዓት፡<br>ክሳብ ሰዓት፡<br>☐ ድሕሪ ትምህርቲ<br>ካብ ሰዓት፡<br>ክሳብ ሰዓት፡ |
| **ዕረፍቲ ክረምቲ**<br>*(ካብ መወዳእታ ሰነ ክሳብ መጀመርታታት መስከረም)* | ☐ ናይ ሙሉእ ግዜ ክንክን ካብ ዕለት፡<br>ክሳብ ዕለት፡<br>☐ ቆልዓ ኣብ ውሽጢ ክረምቲ ኣቕረብቲ ክቐይር እዩ፣ ናብ፡ | ☐ ናይ ሙሉእ ግዜ ክንክን ካብ ዕለት፡<br>ክሳብ ዕለት፡<br>☐ ቆልዓ ኣብ ውሽጢ ክረምቲ ኣቕረብቲ ክቐይር እዩ፣ ናብ፡ | ☐ ናይ ሙሉእ ግዜ ክንክን ካብ ዕለት፡<br>ክሳብ ዕለት፡<br>☐ ቆልዓ ኣብ ውሽጢ ክረምቲ ኣቕረብቲ ክቐይር እዩ፣ ናብ፡ | ☐ ናይ ሙሉእ ግዜ ክንክን ካብ ዕለት፡<br>ክሳብ ዕለት፡<br>☐ ቆልዓ ኣብ ውሽጢ ክረምቲ ኣቕረብቲ ክቐይር እዩ፣ ናብ፡ |

ብኽብረትካ ዝኾኑ ፍሉያት ኩነታት እንተሃልዮም መብርሂ ሃብ፡

## ናይ ብሕታውነት መግለጺ

ናብ'ዚ ቅጥዒ እዚ ዝምላእ ብሕታዊ ሓበሬታ ብመሰረት ኣዋጅ ህዝባዊ መዝገባት ዋሺንግተን ዝተሓዝ እዩ በዚ ድማ ንህዝቢ ዕላው ክግበር ይኽእል እዩ። ከተማ ሲያትል ብሕታውነትካ ንምሕላው ይግደድ እዩ በዚ ድማ ዝካየዱ ከይዲታት ዕላው ምግባር ብመሰረት ሕጊ ዝግበሩ እዮም። ሓበሬታ ብኸመይ ከምዝተሓዝ ተወሳኺ ንምፍላጥ፣ ብኽብረትካ ነቲ ናይ [ብሕታውነት መግለጺና](http://seattle.gov/tech/initiatives/privacy) [http://seattle.gov/tech/initiatives/privacy] ተወከስ። ኣብ ህዝቢ ዕላው ንምግባር ዘድልዩ ሮቛሒታትን ዝሕለፉ ነገራትን ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ብኽብረትካ ነቲ ኣዋጅ ህዝባዊ መዝገብ፣ RCW ምዕራፍ 42.56 (Public Records Act, RCW Chapter 42.56) ረኣይ።

## ኣድላዪ ዝኾነ ናይ ወላዲ ክታም

ኣብ'ዚ ታሕቲ ክታመይ ብምንባር፣ ነቲ ናይ ብሕታውነት መግለጺ ከምዘንበብኩዎ የረጋግጽ ኣለኹ። እዚ ኣነ ዝሃብኩዎ ሓበሬታ ብዝተፈላለዩ ናይ ከተማን ህዝባውን ምንጪታት ክግምገምን ክረጋገጽን ምኽኑ ይፈልጥ'የ ነዚ ምልከታ እዚ ንምሕጋዝ ከበሃል ተወሰኽቲ ሰነዳት ኣቕርብ ከበሃል ከምዝኽእል ይፈልጥ። እንተደኣ ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልል ግን ኣብ'ኦም ጥራሕ ዘይተወሰነ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ሂበ ኮይነ፣ ማለት'ውን ብቑዕነት ንምውሳን ዘድሊ ኩሉ ሓበሬታ ዘየቕረብኩ እንተኾይነ ን/ወይ ናይ ሓሶት ሰነዳት እንተደኣ ኣቕሪበ ኮይነ፣ ኣብ'ዚ መደብ እዚ ዘለኒ ተሳታፍነት ክቋረጽ ከምዝኽእል ይርደኣኒ ኢዩ፣ ከተማ ሲያትል ድማ ኣብ'ቶም ኣነ ብቑዕ ዘይነበርኩሎም ግዜያት ዝወጹ ወጻኢታት ካባይ ክምልሶም ከምዝኽእልን፣ ኮነ ኢለ ዘጋጊ ሓበሬታ እንተሂበ ድማ ብምትላል ን/ወይ ናይ ሓሶት ምስክርነት ክኽሰስ ከም ዝኽእል ይፈልጥ።

ናይ ወላዲ/ሕጋዊ ሓብሓቢ ክታም:________________________________ዕለት:________________

ናይ ወላዲ ስም: __________________________________________

1ይ ስጉምቲ: ነዚ ናይ መመልከቲ ቅጥዒ ምላእ → 2ይ ስጉምቲ: ሰነዳት ምእካብ → 3ይ ስጉምቲ: ናብ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (Child Care Assistance Program) ኣታዊ ምግባር → 4ይ ስጉምቲ: ናይ ብቑዕነት መረጋገጺ ተቐበል

## 2ይ ስጉምቲ: ሰነዳት ምእካብ

**መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ከምኡድማ መደብ ቅድመ-ቤት ምህርቲ ሲያትል (SPP) ዝተፈላለዩ ናይ ብቑዕነት ሮቛሒታት ኣለዎም። መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ትምህርትን ኣብ ንእስነት ግዜ ዝወሃብ ትምህርትን (Department of Education & Early Learning) (DEEL) ኮይኑ ነዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ከጻሪ/ ከረጋግጽ እዩ:**

- **ዕድመ-** ኩሎም ኣብ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ዘለዉ ቆልዑ ዕድመኦም ካብ **0-13 ዓመት** ክኸውን ኣለዎ። ናይ ኩሎም ንመደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ዘመልከቱ ቆልዑ ናይ ዕድመ ሰነድ ኣታዊ ግበር። እቶም ኣብ መደብ ቅድመ-ቤት ትምህርቲ ሲያትል (SPP) ዝተመዝገቡ ቆልዑ እንተደኣ ኣታዊ ተገይሮም ኮይኖም ተወሰኽቲ ሰነዳት ኣታዊ ምግባር <u>ኣየድልዮምን</u>።
- **ኣድራሻ-** እንተደኣ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ንመደብ ቅድመ-ቤት ትምህርቲ ሲያትል (SPP) ዝተመዝገበ ኮይኑ ተወሰኽቲ ሰነዳት ኣየድልዩን። ናይ ክፍሊ ትምህርትን ኣብ ንእስነት ዝወሃብ ትምህርትን (DEEL) ሰራሕተኛ ኣድላዪ እንተኾይኑ ተወሰኽቲ ሰነዳት ክሓትት ይኽእል እዩ።
- **ኣታዊ-**እንተደኣ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ንመደብ ቅድመ-ቤት ትምህርቲ ሲያትል (SPP) ዝተመዝገበ ኮይኑ ተወሰኽቲ ሰነዳት ኣየድልዩን። ናይ ክፍሊ ትምህርትን ኣብ ንእስነት ዝወሃብ ትምህርትን (DEEL) ሰራሕተኛ ኣድላዪ እንተኾይኑ ተወሰኽቲ ሰነዳት ክሓትት ይኽእል እዩ።
- **ኩነታት ተምሃራይ-**(ነቶም ኣብ ትምህርቲ ወይ ኣብ ናይ ስልጠና መደባት ዝተመዝገቡ <u>ወለዲ/ሓብሓብቲ</u> ጥራሕ) ነቲ ናይ CCAP ናይ ተምሃሮ መጠይቕ ብምምላእ ነቲ በቲ ብመደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ ተወካሊ መደብ ምቕባል (CCAP Program Intake Representative) ዝተሓተተ ሰነዳት ከማልኡ ኣለዎም።

**❑ ዕድመ ናይ ቆልዓ**

ኩሎም መደባት ናይ ዕድመ ወሰን ዘለዎም እዮም። ካብ'ዞም ዝተዘርዘሩ **ሓደ** ሰነድ ኣታዊ ግበር:

- ናይ ልደት ሰርትፊኬት
- ፓስፖርት
- ብመንግስቲ ዝወሃብ መንነት
- መዝገብ ሕክምና
- ናይ ስደተኝነት ሰነድ ዕለት ልደት ዘለዎ

1ይ ስጉምቲ፡ ነዚ ናይ መመልከቲ ቅጥዒ ምላእ → 2ይ ስጉምቲ፡ ሰነዳት ምእካብ → **3ይ ስጉምቲ፡ ናብ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (Child Care Assistance Program) ኣታዊ ምግባር** → 4ይ ስጉምቲ፡ ናይ ብቑዕነት መረጋገጺ ተቐበል

## 3ይ ስጉምቲ፡ ናብ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (Child Care Assistance Program) ኣታዊ ምግባር

ብዝተኽኣለ ቅልጣፈ ነዚ ምልክታ እዚ ምስ እቶም ሰነዳትካ ኣተሓሒዝካ መሊስካ ለኣኽልና።

- **ኢሜይል:** CCAP@seattle.gov *(ብኽብረትካ ኣስተውዕል፣ ብኢሜይል ሓበሬታ ምልኣኽ ካብ መሰረቱ ውሑስ ኣይኮነን። ሰነዳት ምስጢራውነቶም ሓሊኻ ብኽመይ ምልኣኽ ከምዝከኣል ዝምልከቱ መምርሒታት ንምርካብ በዚ ኢሜይል እዚ ርኸበና።)*
- **ብመገዲ ናይ ቅድመ ቤት ትምህርቲ ኣቕራቢኻ:** እቲ ኣቕራቢኻ ነዞም ገጻት እዚኦምን ነዞም ሰነዳትን ከክንዳኻ ኮይኑ ኣታዊ ክገብር ይኽእል፣ ወይ ብቐጥታ ባዕልኻ ናብ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ኣታዊ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

  **ምስጢራዊ ፋክስ:** 206-233-7152

  **ፖስታ:**CCAP
  PO Box 94665
  Seattle, WA 98124-6965

**ነዚ ምልክታኻ ንምክያድ ተወሳኺ ሓበሬታ ዘድሊ እንተኾይኑ ብመገዲ ተወካሊ መደብ ምቕባል (PIR) ኣቢሉ ሓበሬታ ክበጽሓካ እዩ። ዘይተማልኡ ምልክታታት ኣብ መስርሕ ከይዲ ምድንጓይ ከጋጥም ክገብሩ ይኽእሉ።**

1ይ ስጉምቲ፡ ነዚ ናይ መመልከቲ ቅጥዒ ምላእ → 2ይ ስጉምቲ፡ ሰነዳት ምእካብ → 3ይ ስጉምቲ፡ ናብ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (Child Care Assistance Program) ኣታዊ ምግባር → **4ይ ስጉምቲ፡ ናይ ብቑዕነት መረጋገጺ ተቐበል**

## 4ይ ስጉምቲ፡ ናይ ብቑዕነት መረጋገጺ ተቐበል

እቲ ዝሃብካዮ ሓበሬታ ምስተረጋገጸ ብዛዕባ ናይ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ብቑዕነትካ ዝምልከት ሓበሬታ ክትቅበል ኢኻ።

- እንተደኣ **ዘይብቑዕ** ኮይንካ ምኽንያት ናይዚ ዝገልጽ ምስ ካልኦት ናይ ክንክን ቆልዓ ምንጪታት ተተሓሒዙ ኢሜይል ክለኣኽልካ እዩ።
- እንተደኣ **ብቑዕ** ኮይንካ፣ እቲ ናይ ተወካሊ መደብ ምቕባል (Program Intake Representative) (PIR) ) ዝኾነ ሰብ ነቲ ዝመረጽካዮ ኣቕራቢ ብምርግጋጽ ናይ እትጅመረሉ መዓልቲ መደብ ብምውጻእ ክታም ንኽግበረሎም ቫውቸራትካ ክልእኽ እዩ። ሕድሕድ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝረክብ ቆልዓ ንበይኑ ቫውቸር ክዳለወሉ እዩ። <u>እንተደኣ ምስ ናይ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ውዕል ዝኣሰረ ኣቕራቢ ኣብ ምልክታኻ ዘይዘርዘርካ ኮይንካ፣ ዝኾነ ዓይነት ሓገዝ ገንዘብ ቅድሚ ዕላው ምግባሩ ነቲ ናይ ክንክን ቆልዓ እቕራቢኻ ዝኸውን ትካል ብምምራጽ ነቲ ናይ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ ተወካሊ መደብ ምቕባል (CCAP PIR) መረጋገጺ ሃብ።</u>

**ኩሎም ናይ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ቫውቸራት ቅድሚ ክፍሊት ምፍጻሙ ብኣኻን ብኣቕራቢኻን/ረብትኻን ክታም ክንበረሎም ኣለዎ።** ክታም ዝተነብሮም ቫውቸራት ብኢሜይል ክለኣኹ ይኽእሉ እዮም ካብ'ዚ ብተወሳኺ ብኤሌክትሮኒካዊ መገዲ ዝንበሩ ክታማት እውን ቅቡላት እዮም።

**ኣገዳሲ፡** ኣብቲ እቲ ቫውቸር ክታም ተነቢሩሉ ዘይተመለሰሉ ወርሒ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ናይ ዝኾነ ክንክን ቆልዓ ክፍሊት <u>ኣይክፍጸምሉን</u> እዩ። ምስ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ውዕል ዝኣሰረ ኣቕራቢ ክትመርጽ ኣለካ፣ ነቲ ተወካሊ መደብ ምቕባል (PIR) ምርጫኻን እትጅመርሉ ዕለት ኣፍልጦ <u>ካብ'ዚ ብተወሳኺ</u> እቶም ክታም ዝተነበሮም ናይ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ ቫውቸራትካ ነቲ ተመሊኡ ዝተወደአ ናይ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ ምልክታኻ ኣታዊ ካብ ዝገበርካሉ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልቲታት ክምለሱ ኣለዎም። ድሕሪ 90 መዓልቲ፣ መሊስካ ምልክታ ክተቕርብ ክትሕተት ትኽእል ኢኻ።

➢ እንተደኣ ክሳብ ሐዚ ነቲ ኣቕራቢኻ ዘይመረጽካ ኮይንካ ብኽብረትካ ብዝተኽኣለ ቅልጣፈ ወስን። ብኽብረትካ ናይ ኣቕረብቲ ዝርዝር ንምርካብ ንወብ ሳይትና ረኣይ ወይ ኣብ CCAP@seattle.gov ወይ (206) 386-1050 ርኸበና።

Seattle Department of Education & Early Learning

CCAP
CHILD CARE ASSISTANCE PROGRAM

# ንተሳትፎ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ ክማልኡ ዝግብኦም ውዑላትን ኩነታትን

1. **ፍቓድ ምሃብ፡ ብቑዕነትን ድጎማን ኣብ ኣድራሻ፣ ኣታዊ ናይ ቤተሰብ፣ ብዝሒ ኣባላት ቤተሰብ ከምኡድማ መደብ ናይ ወላዲ(ለዲ)/ሓብሓቢ(ብቲ) መሰረት ዝገበረ ኢዩ።**
   ሓንሳብ እንድሕር ተፈቒዱ፣ ነዞም ምኽንያታት እዚኦም ዝግበር ለውጢ ክሳብ ደጊሙ ዝረጋገጸልካ ሪፖርት ክትገብር ኣየድልየካን ኢዩ። መጠን ድጎማኻ ክውስኹ ዘኽእሉ ለውጢታት (ከም ምጉዳል ኣታዊ፣ ሓድሽ ኣባል ስድራ-ቤት) ኣብ'ቲ እዋን ፍቓድ ምሃብ ኣብ ዝኾነ ግዜ ክጽብጸቡ ይኽእሉ ኢዮም። እንተደኣ ምስ ናይ ስራሕ ምትእስሳር ብቑዕ ዝገብረካ ኣብ ብዝሒ ስድራ ቤትካ ወይ ኣታዊኻ ለውጢ ምህላዉ ኣፍሊጥካ፣ ናብ ናይ ስራሕ ምትእስሳር ከተመልከት ክትሕተት ኢኻ ከምኡድማ እቲ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ቫውቸርካ ካብ ዘፍለጥካሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ ክልተ ወርሒ ክዕጾ ኢዩ።

   **ክፍሊታት፡ እቲ ናይ CCAP ቫውቸር ነቲ ሙሉእ ዋጋ ናይ ክንክን ቆልዓ ዘይክሽፍነልካ ይኽእል ኢዩ። ናይ "ወላዲ(ለዲ)/ሓብሓቢ(ብቲ) ብጽሒት" ን/ወይ ብኣኻ ነቲ ወሃቢ ኣገልግሎት ክንክን ቆልዓ ብቐጥታ ክኽፈል ዝግብኦ ተወሳኺ ክፍሊት ክህሉ ይኽእል ኢዩ።**
   ናይ መወዳእታ ዕለት ናይ ክፍሊት ኣብ መንጎ ወላዲ (ለዲ)/ሓብሓቢ(ብቲ)ን ወሃቢ ኣገልግሎት ክንክን ቆልዓን ብዝግበር ስምምዕ ይኸዉን። ነቲ ብ CCAP ቫዉቸር ዘይተሸፈነ ክፍሊታት ተላዚብካ ክትከፍሎ ናትካ ሓላፍነት ኢዩ። ክፍሊታት ዘይምኽፋል ነቲ ቫውቸርካ ከዕጽዎ ይኽእል ኢዩ። መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ነዞም ዝስዕቡ ኣይክኽፍልን ኢዩ፥ ደንጉዮም ንዝኽፈሉ ክፍሊታት፡ ካብቲ ምዱብ ቦታ ወጻኢ ዝግበሩ ወጻኢታት፣ ናይ መመዝገቢ ክፍሊታት፣ ተወሰኽቲ መዓልታት/ሰዓታት ኣብ'ቲ ቫውቸር ፍቓድ ዘይተዋህቦም። ኣብያተ-ትምህርቲ ዕጹዋት ኣብ ዝኾኑሉ ግዜ ናይ ምሉእ መዓልቲ ሰዓታት ክፍቀደሎም ኢዩ።

2. **ብኩራት፡ እቲ ወሃቢ ኣገልግሎትካ ነታ ወርሒ እቲኣ ክኽፈል ምእንታን ዉላድካ እንተወሓደ ንሓደ (1) መዓልቲ ኣብ'ታ ወርሒ ክርከብ ኣለዎ። እንተደኣ እቲ ቆልዓ ንተኸታታሊ ክልተ ኣዋርሕ ዘይተረኺቡ (ዘይተሳቲፉ)፣ ቫውቸርካ ክዕጾ ኢዩ፣ ከም ኡድማ ወሃቢ ኣገልግሎትካ ኣብ'ቲ ካልኣይ ወርሒ ክፍሊት ኣይክረክብን ኢዩ።**
   ብተደጋጋሚ ካብ መጠን ንላዕሊ ምብኳር ነቲ ዝተፈቐደ ሰዓታት ክንክን ምርመራ ክግበረሉ ከም ምኽንያት ዝኸውን ኮይኑ፣ ዉጽኢቱ ድማ ሰዓታት ምጉዳል ወይ ቫውቸርካ ምዕጻው ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ነቲ ኣብ እዋን ምዝገባ ቆልዓ ምስ ወሃቢ ኣገልግሎት ዝተሰማማዕካሉ ናይ ኣቴንዳንስ/ህላወ ፖሊሲ ክትስዕቦ ይግባእ።

3. **ምትዕርራያት፡ መጠን እቲ ዝወሃብ ሓገዝ ዝጎድለሉ ኣጋጣሚታት ክህሉ ይኽእል ኢዩ።**
   እቲ ዝለዓለ መጠን ድጎማ ካብ'ቲ ናይ ወሃቢ ኣገልግሎት ዋጋ መጠን ዝለዓለ እንተኾይኑ ወይ ድማ ካብ'ቲ ኣቐዲሙ ዝተፈቐደ ድሒሩ እንተ ጀሚሩ ክጎድል ክግበር ኢዩ።

4. **ለውጢታት፡ናብ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ዝኾነ ለውጢ ጸብጻብ ኣብ ዝግበረሉ እዋን፣ ኣቐዲሙ ዝወሃብ ምልክታ ክወሃብ ከምዘለዎ ንሓትት።**
   ኣቐዲሙ ዝወሃብ ምልክታ ነቲ ሕቶኻ ኣብ እዋኑ ንምዝታይ ከምዝከኣል ዘረጋግጽ ኮይኑ ከምኡድማ ወሃቢ ኣገልግሎትካ ብዘይምድንጓይ ክፍሊት ይረክብ። ዝኾኑ ኣብ ሰዓታት ክንክን ዘድልዩ ለውጢታት፣ ኩነታት ቤተ-ሰብ ወይ ሓበሬታ ናይ ኣድራሻ ኣቐዲምካ ንመደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ PIR ኣፍልጥ።

5. **ምቕያር ወሃቢ ኣገልግሎት፡ ወከልቲ መደብ ተቐባልነት ዝረኸቡ (PIRs) ብቐሊሉ ቫውቸራት ንምትሕልላፍ ክኽእሉ ምእንታን ናይ ክልተ ሰሙን ምልክታ ግዜ ኣቐዲሞም ክረኽቡ ኣለዎም።**
   ለውጢታት ንወሃቢ ኣገልግሎት ቆልዓን ንመደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ወከልቲ መደብ ተቐባልነት ዝረኸቡን (PIRs) ጸብጻብ ምግባር ናትካ ሓላፍነት ኢዩ። መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP ) መምርሒታት ወሃቢ ኣገልግሎትካ ከም'ቲ ተዘርዚሮም ዘለዉን ምልክታ ኣብ ዝተዋህበሎም ግዜ ዝተሰማማዕካሎምን ንክትስዕቦም ትጽቢት ይገብር። እንተደኣ ምቕያር ወሃብቲ ኣገልግሎት ሃልዩ፣ ቅድሚ ናይ ድኅማ ምስግጋር ምፍቃዱ ኩሉ ክፍሊታት ናይቲ ዘለኻዮ ወሃቢ ኣገልግሎት ብሙሉኡ ክኽፈል ኣለዎ፣ ወይድማ መደብ ኣከፋፍላ ክህሉ ኣለዎ። እንተደኣ ፍታሕ ዘይረኸበ ክፍሊት ሃልዩካ ኮይኑ፣ ንሓድሽ ቫውቸር ናይ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ኣይትበቅዕን ኢኻ። ንመደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ን/ወይ ንወሃቢ ኣገልግሎትካን ብዘይምሕባርካ ኩሉ ናይቲ ክንክን ዋጋ ምስ እቲ ሓድሽ ወሃቢ ኣገልግሎትካ ዘሎ ክሳብ ሓድሽ ናይ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ ቫውቸር ዝወሃበካ ክትከፍሎ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዝተፋላለዩ ቦታታት/ስፍራ (ሓጺር ወይ ነዊሕ ግዜ) ዝሰርሕ ነገር ግን ሓደ ወሃቢ ኣገልግሎት እንተቐይርካ ኣቐዲምካ ነዚ ለውጢ እዚ ንመደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) PIR ጸብጻብ ግበር። ንኣብነት፡ ካብ ChildcareABC @ Tree location ናብ ChildcareABC @ Ocean location እንተቐይርካ ከተፍልጠና ኣለካ።

   **ናይ ቫውቸር ሰሌዳ ግዜ፡ ፍቓድ ናይ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ካብ መጀመርታ መዓልቲ ክሳብ ናይ መወዳእታ መዓሊ ኣብ'ቲ ቫውቸር ተመዝጊቡ ዘሎ ጥራሕ ዘገልግል ይኸዉን።**
   ፍቓድ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ንምንዋሕ፣ ብቑዕነት መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) ኣብ እዋን ዳግመ ምርግጋጽ ዝተመስረተ ክኸዉን ኣለዎ። ስራሕቲ ወረቐት ዳግመ ምርግጋጽ ብኢሜይል ወይድማ ብፖስታ (እንተሓቲትካ) ኣብ'ቲ ቫውቸርካ ዘሎ ዕለት ቅድሚ ምውድኡ ሽድሽተ (6) ሰሙናት ክለኣኸልካ ኢዩ። ናይ ወረቐት ስራሕ ብፖስታ ክለኣኸልካ እንተደኣ ደሊኻ ዕላዊ ሕቶ ናብ ኣባል መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ ክተቕርብ ኣለካ። ናይ ዳግመ ምርግጋጽ ሓበሬታታት ክሳብ እቲ መወዳእታ መዓልቲ በቲ መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) PIR ዝተዋህበ ተመላሲ ክኸውን ኣለዎ። ናይ ዳግመ ምርግጋጽ ሓበሬታታት ክሳብ እቲ መወዳእታ መዓልቲ እንተዘይኣረኪብካ ቫውቸር ክንክን ቆልዓኻ ምቁርራጽ ክጋጥሞ ይኽእል ኢዩ።

- **ምዕጻው ቫውቸር፡ ቫውቸራት መደብ ሓገዝ ክንክን ቆልዓ (CCAP) በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ክዕጸዉ ኢዮም፡**
- ናይ ሓሶት ሓበሬታ፡ ብቕዓትካ ንምርግጋጽ ኩሎም ዘድልዩ ሓበሬታታት ዘይምሃብ፣ ግጉይ ሓበሬታ ምሃብ፣ ወይድማ ዘይግቡእ ሰነድ ምቕራብ ዝኣመሰሉ የጠቓልል።
- ለውጢ ኣብ ኣታዊ፣ መጠን ስድራ ቤት ወይድማ ኣድራሻ ንኻልእ መደብ ድኅማ ንብቕዓት ቤተሰብ ምኽንያት ዝኾኑ (ከም ርክብ ስራሕ ክንክን ቆልዓ)
- ከይዲ ናይ መደብ ዘይምስዓብ፣ እዚ ድማ ከም ንሰራሕተኛታት ለውጢ ምፍላጥ፣ ናይ ዳግመ ምርግጋጽ ስራሕቲ ወረቐት ምምላስ፣ ወዘተ።
- ክፍሊታት ዘይምኽፋል ወይ ድማ ንእትእወዶ ክፍሊት መደብ ኣከፋፍላ ዘይምግባር

*ክፍሊ ትምህርቲን ቅድሙ-መዋእለ ህጻናትን ውዕል ዝገብር ምስ ገዛዉቲ ክንክን ቆልዑትን ከምኡድማ ብክፍሊ ቆልዑት፣ መንእሰያትን ስድራቤታትን ፍቓድ ዝተዋህቦም ማእከላትን። ክፍሊ ትምህርቲን ቅድሙ-መዋእለ ህጻናትን(DEEL) ፍቓድ ኣይህብን ዩ፣ ድጋፍ ኣይህብ፣ ንዝኾነ ወሃቢ ኣገልግሎት ድማ ኣይምስክርን ኢዩ። ዋላ እኳ ትጽቢታትን መምዘኒታትን ንኡድ ዝኾነ ክንክን እንተሃለወና፣ ክፍሊ ትምህርቲን ቅድሙ-መዋእለ ህጻናትን(DEEL) ሓደ ወሃቢ ኣገልግሎት ንኡድ ዝኾነ ክንክን ቆልዓ ይህብ ኢዩ ኢሉ ከረጋግጽ ኣይክእልን ኢዩ። ናይ ቤተ-ሰብ ድልየታት ክንክን ቆልዑ ኣብ ምምላእ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፣ እቲ ዲፓርትሜንት ንወለዲ ናይ ክንክን ቆልዑት ማእከላት፡ ወይ ገዛዉቲ፣ ዉዕል ክገብሩ ከሕብሮም ይኽእል ኢዩ፡ ኮይኑ ግን፡ እቲ ናይ መወዳእታ ምርጫ ወሃቢ ክንክን ቆልዑት ሓላፍነት ወላዲ(ለዲ)/ሓብሓቢ(ብቲ) ይኸዉን። ወላዲ(ለዲ)/ሓብሓቢ(ብቲ) ነቲ ኣብ ክንክን ዘሎ ቆልዓ ቅድሚ ምግዳፎም ተጠንቂቕም ከሓቱን መሰኻኽር ክገብሩን ይምከሩ። ናይ ክፍሊ ቆልዑት፣ መንእሰያትን ቤተ-ሰባትን (DCYF) ኣብ ናይ ወሃቢ ክንክን ቆልዑት እንተላይ ዝኾነ ጥርዓን፣ ታሪክ ኣወሃህባ ፍቓድ ንምግምጋም ኣብ'ዚ ዝስዕብ ወሃቢ ኣገልግሎት ክትደሊ ትኽእል፡ [Https://www.findchildcarewa.org/](https://www.findchildcarewa.org/)።*

**ነዞም ከማልኡ ዝግብኦም ነጥብታት ስምምዕ ዘንበብክዎምን ዝተረዳእኩዎምን ምኧነይ ከምኡድማ ዝተቐበልኩዎም ምኧነይ ብምስምማዕ የፍልጥ።**

---

ስም ክታም ዕለት

Seattle Department of Education & Early Learning

SPP PATHWAY · SEATTLE PRESCHOOL PROGRAM · CCAP CHILD CARE ASSISTANCE PROGRAM

# ግለጺ ደገፍ ህጻን (Child Support)

እዚ ቅጥዒ እዚ በቶም ንደገፍ ህጻን ዝኸፍሉ ወይ ክፍሊት ደገፍ ህጻን ዝረኽቡ ስድራቤታት ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ይኽእል እዩ። ንዝኾነ ኣብ ገዛኻ ዝነብር ህጻን ዝምልከት ቅበላ ደገፍ ህጻን ንምስናድ ወይ ነቶም ን ደገፍ ህጻን ዝተኸፈሉ ክፍሊታት ንምቕናስ ዘኽእሉ ናይ መቐነሲ ሰነዳት ብዝምልከት ነዛ ኣብ ታሕቲ ዘላ ቅጥዒ ክትጥቀመላ ንላበወካ።

**ብዛዕባ እቲ ዘመልከት ዘሎ ወላዲ፣ ኣነ:** ☐ *ጾል (ፈጺሙ ዘይተመርዓወ)* ☐ *እተፋትሐ/እተፈላለየ* ☐ *እተመርዓወ/ ብሓባር ዝነብሩ*

**ካብ'ዚ ብተወሳኺ ኣነ እዚ ዝስዕብ ሓላፍነት ኣለኒ :** ☐ *ሉእ ብምሉእ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ወይ* ☐ *ናይ ሓባር ናይ ምዕባይ ሓላፍነት*

ብኽብረትካ ነቲ መደብ ኣተዓባብያ ቆልዓ/ምስ ካሊእ ሰብ ኮይንካ ብሓባር ትወስዶ ሓላፍነት ምእላይ ብዝምልከት ሓጺር መብርሂ ሃብ፡

☐ **ዝኾነ ይኹን ደገፍ ቆልዓ ኣይረክብን ኣለኹ**

☐ **ደገፍ ቆልዓ እቕበል ኣለኹ**

*ብኽብረትካ ካብ'ዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ዝኾነ ዘለካ ኣቕርብ፡*

- *ካብ ቤት ጽሕፈት ኣፈጻጽማ ደገፍ (Office of Support Enforcement) ዝተውሃበ ናይ ዝሓለፉ 3 ኣዋርሕ መግለጺ ወይ ንመደብ ኣተዓባብያ ሓዊሱ ናይ ቤት ፍርዲ ሰነድ*
- *ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እቲ ነቲ ናይ ደገፍ ህጻን ክፍሊት ክኸፍል ትጽቢት ዝግበሮ ሰብን ዝተበጽሐ ክታም ዝዓረፎ ናይ ሓባር ውዕልን ቅዳሕ ናይ ቼካት፣ ኤሌክትሮኒካዊ ምትሕልላፍ ክፍሊታት ወይ ኣብ'ተን ዝሓለፉ 3 ኣዋርሕ ዝተገብረ ክፍሊት ዘርእዩ ናይ ባንኪ መግለጺታት።*

ብኽብረትካ ወርሓዊ መጠን ኣቕርብ $ ____

☐ *እቲ ንቖልዓ ዚወሃብ ደገፍ ብጥረ ገንዘብ ዚኸፈል እንተ ኾይኑ ኣብ ሳጹን ምልክት ግበር*

☐ **ደገፍ ቆልዓ እኸፍል ኣለኹ**

*ብኽብረትካ ካብ'ዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ዝኾነ ዘለካ ኣቕርብ፡*

- *ካብ ቤት ጽሕፈት ኣፈጻጽማ ደገፍ (Office of Support Enforcement) ዝተውሃበ ናይ ዝሓለፉ 3 ኣዋርሕ መግለጺ ወይ ንመደብ ኣተዓባብያ ሓዊሱ ናይ ቤት ፍርዲ ሰነድ*
- *ኣብ'ተን ዝሓለፉ 3 ኣዋርሕ ዝተኻየዱ ቅነሳታት ዘርእዩ ናይ ክፍሊት ስቱባት ወይ ክሊእ ኣብ'ተን ዝሓለፉ 3 ኣዋርሕ ክፍሊት ከም ዝተኻየደ ዝገልጹ መረጋገጺታት*

ብኽብረትካ ወርሓዊ መጠን ኣቕርብ $ ____

☐ *ንቖልዓ ዚወሃብ ደገፍ ብጥረ ገንዘብ ዚኸፈል እንተ ኾይኑ ኣብ ሳጹን ምልክት ግበር*

እቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ መግለጺ በቲ ኣለኒ ዝብሎ ፍልጠት መሰረት ሓቂ ምዃኑን የረጋግጽን ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝሃብኩዎ ሓበሬታ ገምጋምን ከይዲ ምርግጋጽን ክግበር ከምዝኾነ ኣፍልጦ ኣለኒ።

| | |
|---|---|
| ስም ወላዲ: | |
| ክታም ወላዲ: | ዕለት: |